06.11.2018

# እወ፡ ሰላም ህዝቢ ዘማእከለ

ዶክተር ንዓኻ ኢና ስምዓና ጽን ኢልካ
ብሸለል ኣይትርኣዮ እዚ ኹሉ ንብለካ
ዘይሓዊ ቀኍስሊ ኣይትጕዳእ መሊስካ
ልዑላዊት ሃገር ከይተናኽፍካ
ሻርነት ዘይብሉ ቅንዕና ኣኽቲልካ።

ንሰላም እንተኾይኑ እዚ ኸሉ ጉያኻ
ንሕና'ውን ኣለና ኣብ ጐድንኻ
እወ፡ ንሰላም ብዘይዘላቕነት
ንኸሉ ዝሕውስ ዘይብሉ ሻርነት
ንኸሉ ዜጋ ዝረብሕ ብማዕርነት።

ምኽፋል ምድማር እንታይ'ዩ ምስጢሩ
ብንጹር 'ተዝቕመጥ ህዝቢ ክሰምረሉ
እስከ ንገረና ካብ ሱር መሰራውሩ
ውዕል ኣልጀርስ እንከይተተግበረ
ከመይ ኢልካ ትብለና ንኽልቴና ማዕረ
ህዝቢ ኤርትራ መሪሩዎ ከም ዕረ
ምስጢሩ ዘይፍለጥ ውዕል እናተገብረ
ንመጻኢ ወለዶ ንኸሉ ዘሕረረ።

ዶብና ከይፈለጥና ቃድራ ናይ መሬትና
ኣበይ ከምንሓርስ ግምት'ኳ የብልና
ከም ድላዩ ሕጂ ከሓዋውሰና
ኣሽሓት ዜጋታት ዕሽላት ኣጥፊእና
ዶብና ንክንፈልጥ ብዙሕ ተሳቒና
ለይቲ ምስ መዓልቲ ምዩቕ እናበልና
ከመይ ኢልካ ሕጂ ንደመር ትብለና፧

ኣሽሓት ዜጋታት ቀያሕቲ ጸለምቲ
መዓንጣ ዘይቈጸሩ ናይ ጽባሕ ተካእቲ
ምእንቲ እዛ መሬት ምእንቲ'ዛ ርስቲ
እንዲና ከፊልና ዘልኣለም ክትከውን ልዕልቲ
ያኢ ተረኺብና ከብቲ
ክንካፈል ክንድመር ኣብዑር መላፍንቲ
ከም ህላላ ብዕራይ ዝጥሕስ ሕዛእቲ
ኵሉ ትሓዋውስ ብሓንቲ መዓልቲ።

ከምቲ ናይ ኢሳያስ እንተኾይኑ ሕልምኻ
ኣይትደቅስ ተበራበር ኢኻ
ነዛ ዕንቍ ባሕሪ መሬት እንተሃረፍካ
ንከንቱ ከይኸውን ኵሉ ድሌታትካ
መሪርን ጽንኩርን ሰላሳ ዓመታት
በሰሓይታ ቍሪ ኣጻምእ ጸድፍታት
ዝተኸፈሎ ዋጋ ኣሽሓት ዜጋታት
ከመይ ኢልካ ትደፍራ ነዛ ሓዳስ መርዓት።

ብኣእላፍ ዘይትመን ዝተኸፍለ ዋጋ
ኤርትራ ኣይትሸየጥን ብዋጋ ዕዳጋ
ኣየፍቅድን ከኣ ኤርትራዊ ዜጋ።

ስቓይ ኣይትወስኸ ዝተጠጀአ ኣሎ
ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ማሕዩር እንከሎ
እገዳ ክለዓል ትተሓባበሮ
ብደም ዝጠልቀየ ታሪኹ ይመስክሮ
ምስ ዲክታተር ዋዕላ ወጊድ ደኣ በሎ
እቲ ውጹዕ ህዝቢ ኩሉ ክጽንበሮ።

ኢሰያስ ከሎ’ዶ ሰላም ተተግቢሩ
ሕልምኻ ከይኸውን ንከንቱ፡ ከይብለካ ኣሉ
ደጋጊምካ መርምር ኣቢይ ሕሰበሉ
ብታሪኽ ከይትሕተት ኣብዘይ ነበርካሉ
ብቕንዕና ይኹን እትገብሮ ኩሉ
ሰላም ምስ ቅሳነት ኩሉ ዝረብሓሉ።

ሰላምን ቅሳነትን ንህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን!
ዘልኣለማዊ ክብርን መጐስን ምእንቲ እዛ መሬት ዝሓለፉ ሰማእታትና!

ፍረወይኒ ባይረ
ሃገረ ጀርመን